ሓፂር ታሪኽ ሕይወት መጋቢ-ሃዲስ ኣስመላሽ ረዳ

መጋቢ-ሓዲስ ኣስመላሽ፡ካብ ኣቦኦም ባራምበራስ ረዳ ተስፋይ፡ካብ ኣዲኦም እምበይተይ ፃድቃን ማሩ፡ኣብ ወርሒ ነሓሰ 14/1926 ዓ.ም.ኢ ኣብ ኣውራጃ ዓድዋ ኣብ ከባቢ ሴሮ ዓዲ ማይ ዓውሊዕ እዮም ተወሊዶም።

ንሶም፡ንወለዶም 7ይ ናይ መወዳእታ ውላድ'ዩ። ኣሕዋቶምን ኣሓቶምን ድማ ነዞም ዝስዕቡ እዮም።

ወ/ሮ ታደለሽ ረዳ፣ኣቶ ተፈሪ ረዳ፣ ኣቶ ገ/እግዚኣብሄር ረዳ፣ ኣቶ ገ/ሚካኤል ረዳ፣ወ/ሮ ኣለማሽ ረዳ፣ወ/ሮ ግደይ ረዳ ይበሃሉ።

ብዛዕባ ታሪኽ ሂወቶም ዝምልከት ድማ ብሓፂሩ ከም'ዚ ዝስዕብ ይመስል።

መጋቢ ሓዲስ በዚ ሎሚ ዘሎ ኣጸዋውዓ፡ኣብ ዓዶም ኣብ ወረዳ ኣሕፈሮም፡ጣብያ ሴሮ፡ቁሸት ማይ ኣውሊዕ ተወሊዶም።

ዕድሚኦም ንትምህርቲ ምስ ኣከለ ድማ ኣብ ገዳም ደብረ-ዳሞ ንሓሙሽተ ዓመት ተማሂሮም ግብረ ዲቁና ተመሪቆም። ንተወሳኺ መንፈሳዊ ትምህርቲ ኸኣ፡ኣብ ገዳም ደብረ-ኣባይ ንሰለስተ ዓመት ተምሃሩ።

ኣብ 1952 ዓ/ም፡ንኣስመራ ምስ ኣተው ኣብ መካነ ሂወት መድሃኔ ዓለም ቤተ-ክርስታያን ን8 ዓመት ናይ ብሉይን ሓዲስን ትርጉም መፅሓፍ ቅዱስ ተማሂሮም ምስ ኣጠናቀቑ፤

ኣብ'ኡ ናይ ትምህርቲ ሰንበት መንእሰያት መንፈሳዊ ትምህርቲ ሽማግለ( ኮሚቴ) ብምዃን ኣጣይሾም እዮም።

# ኣብ መካነ ስምረት ቅዱስ ጊዮርጊስ ቤተ-ክርስትያን ተኹነ ናይ ሰበኻ ጉባኤ ኣባል ብምዃን፣ንኣስታት 15 ዓመት ኣገልጊሎም ከምኡ'ው ናይ ትምህርቲ ሰንበት ብምጥያሽ ብኣሽሓት ዝቑፀሩ መንእሰያት መንፈሳዊ ትምህርቲ ኣስተምሂሮም እዮም።

ብዓብዩ ድማ ብሞያ መምህርነት ነፃ ኣገልግሎት ንምእመናን ን15 ዓመት ዝኹነ ጊዜ ኣስተምሂሮም።

ኣብ ማሕበር መፅሓፍ ቅዱስ ኢትዮጵያ ጨንፈር ክፍለ ሃገር ኤርትራ፡ኣብ መስርሕ ምትርጓም መጽሓፍ ቅዱስ፡ ብኣባልነት ተመሪጾም ዓቢ እጃም ኣበርኪቶም።

ኣብ 1993 ዓ/ም ንዓዶም ትግራይ ከተማ ዓድዋ ብምምፃእ ድማ ኣብ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ምሃብ ተዋፈሩ።

ኣብ ከተማ ዓድዋ ሰባኪ ወንጌል ካብ 1993 ክሳዕ 2009 ዓ/ም ን17 ዓመት ዝከኣክል ብሞይኦም ብዘይቶግላባነት ብነፃ ኣገልጊሎም'ዮም።

#ካብ 2009 ዓ/ም ክሳዕ 2012 ዓ/ም፡ኣትሒዙ ድማ ኣብ መንበረ ሰማዕት ቅዱስ ጊዮርጊስ ቤተ-ክርስትያን፡ ብሰባኺ ወንጌል ንምእመናን ኣስተምሂሮም'ዮም።

#ከም'ኡውን ኣብ 8ተ ኣብ ዓድዋ ዝርከባ ኣድባራትን ገዳማትን ወርሓዊ በዓላት ብምኻድ ንምእመናን የስተምህሩ ምንባሮም ታሪኾም የርድእ'ዩ።

# ኣብ ልዕል'ዚ መጋቢ ሓዲስ ኣስመላሽ፡ካብ ዝገበርዎ ኣበርክቶ፡ተሃልዩ ኣብ ከተማ ኣስመራ ይነብሩ ካብ ዝነበሩ ተቐማጦ ተወለድቲ ማይ ኣውሊዕ ዝኹኑ ብሰናይ ፍቓዶም ብምትሕብባር

Edit with WPS Office

#ኣብ ትውልዲ ዓዶም ናይ ቤተ-ክርስትያን ኣስራሒ ሽማግለ (ኮሚቴ) ተመሪጾም፡ብተወፋይነት ን8 ዓመት ብነፃ ብምግልጋሎም ብፓትሪያሪክ ብጹእ ኣቡነ ጳውሎስ ናይ ምስክር ወረቐት ተጓናጺፎም እዮም።

#እዚ ናይ መንፈሳዊ ኣበርክትኦም፡ ኣብ ግምት ብምእታው መጋቢ ሓዲስ ዝብል ማዕርግ ክረኽቡ ከኣሉ።

#ካብ'ዚ ብዘይነኣኣስ ተኹነ ኣብ ማሕበራዊ ሂወት ዝገበርዎ አበርክቶ ድማ ኣብ ኣስመራ "ማሕበር ምትሕግጋዝ መድሃኔ ዓለም" ዝብል ስም ዝተዋህቦ ናይ ተወለድቲ ደቂ ዓዲ ተቐማጦ ኣስመራ ብምትእኽካብ ኣጣይሾም ብኣቦ ወንበርነት ብምምራሕ ንህዝቦም ንመመላእታ 15 ዓመት ኣገልጊሎም እዮም።

#ከምኡ’ውን ኣብ 'ሊያልፍ ካምፓኒ' ዝተብሃለ ትካል ን30 ዓመት፡ኣብ ዝሰርሑሉ እዋን፣ኣብ'ቲ ትካል እቲ ኣቦ መንበር ማሕበር ሰራሕተኛታት ብምኳን መሰል ሰራሕተኛታት ብዕቱብን ብትርን ብምጥባቕ፡መሰል መሳርሕቶም ክሕሎው ከም ዝገበሩ ኩሉ ፈላጢኦምን መሳርሕቶምን ዝምስክርዎ ሓቂ'ዩ።

#ኣብ ከባቢ ካምፓፓሎ ዝርከብ ምምሕዳር ከፍተኛ 4 ቀበሌ 02 ዝብሃል ዝፍለጥ ዝነበረ።

# ከም ኣቦ ወንበርን ኣኻቢ ፍርዲ ባይቶ (ሰብሳቢ ፍርድ ሸንጎ) ብምኳን ድማ ንኣስታት 13 ዓመት ተቆቋሪ ህዝቢ ኰይኖም ብተወፋይነትን ብሓላፍነትን ድሕሪ ምግልጋሎም፥ብህዝቢ ኣገልግሎቶም ክቕጽሉ ብምድላዮም ጠለብ ቐረበሎም።

#እንተኰነ፡ንሶም ግን "ይኣኽለኒ ደጊም ደኺመ'የ።" ብምባል ብፍታዎም ካብ ስልጣን ክሳዕ ዝለቁ ከይተሓለሉ ኣገልጊሎም'ዮም።

#ካብ 1997 ዓ/ም ጀሚሮም ጠቕሊሎም ዓዶም ምስ ተቐመጡ ኸኣ፡ኣብ ዝካየድ ዝነበረ ሃገራዊ ምርጫታት፡ከም ኣተሓባባሪ ሽማግለ ምርጫ (ከም ኣስመራጭ ኮሚቴ) ብምኳን ን3ተ ተኸታተልቲ ሃገራውን ክልላውን ምርጫ ብልዑል ተገዳስነት ከም ዘገልገሉ ማህደር ታሪኾም የረድእ።

Edit with WPS Office